# ንዓኻ/ኺ ን14 መዓልታት ኣብ ገዛ ክትጸንሕ/ሒ መተሓሳሰቢ ዝተወሃበካ/ኪ

ብምኽንያት ኣብ መንጎ 9 - 12 መጋቢት 2020 ኣብ ናይ ቤት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ብሮማን ምንበርካ/ኪ ብናይ ኮሮና ቫይረስ ንኮቪድ-19 ዘሕምም ተሰካሚ/ት ክትከውን/ኮኒ ተኽእሎ ኣሎ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ሓደ/ሓንቲ ሰብ ኣብ መንጎ 9 - 12 መጋቢት ኣብቲ ቦታ ዝነበረ ፣ ብድሕሪኡ ኮሮና ቫይረስ ከም ዘለዎ ስለዝተፈለጠ ኢዩ።

ንኹሎም ኣብ ቤት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ብሮማን ዝነበሩ ኣብ ገዛ ክጸንሑ ብምትብባዕን ብምዝኻኻርን ንብሓፈሻ ንሓደገኛነት ናይ እቲ ዝርጋሐ ቫይረስ ኣብ ሁዲክስቫል ከነጉድል ደሊና ኣሎና። እዚ ማለት ክሳብ ዕለት 30 መጋቢት ኣብ ገዛ ክትጸንሕ ኣሎካ/ኪ ማለት ኢዩ።

ሰባት ካብታ በዚ ቫይረስ ዝተጠቕዕሉ ዕለት ክሳብ ዝሓሙ ካብ 2 ክሳብ 14 መዓልታት ይወስደሎም። መብዛሕቱ ግዜ እቲ ለበዳ ኣብ መንጎ 5 ወ 6 መዓልታት ይኸሰት። እንድሕር ሰዓል፣ ረስኒ ቃንዛ ኣብ ሰብነትካ/ኪ ከምኡ እውን ከም ድኻም ዝኣመሰለ ሕማም ተሰሚዑካ/ኪ ብምኽንያት ኮሮና ቫይረስ ዝተኸሰተ ክኸውን ይኽእል ኢዩ። በዚ ሕማም ምስ እትሓምም/ሚ ኢኻ/ኺ ኸኣ ንኻልኦት ተሕልፍ።

ብዙሓት ሰባት ኣብ ቤት ትምህርቲ በዚ ሕማም ተለኺፎም ክህልዉ ስለዝኽእሉን ከምኡ እዉን እዚ ሕማም ሰላሕ ኢሉ ብፍኹስ ዝበለ ቃንዛ ክጅምር ስለ ዝኽእል እዘን ኩለን 14 መዓልታት ኣብ ገዛ ክትጸንሕ/ሒ ነተባብዕ።

እዚ ክንብል ከሎና ማለት ንስኻ/ኺ ምስቶም ምሳኻ/ኺ ኣብ ገዛኻ/ኺ ዝነብሩ ሰባት ገዲፍካ ምስ ካልኦት ሰባት ካብ 2 ሜትሮ ንታሕቲ ዝኸውን ክትቀርበም/ብዮም የብልካን/ክን። ኣብዚ ግዜ እዚ ኸኣ መሓዙትካ/ኪ: የዕርኹትኻ/ኺ ይኹን ካልኦት ሰባት ኣብ ገዛኻ/ኺ ክበጽሑኻ/ኺ የብሎምን።

ብፍላይ ምስ ዓበይቲ ኣረጋውያን ዘለካ/ኪ ርክብ ኩሉ ምውጋድ ኣሎካ/ኪ፣ልዕሊ ኹሉ እንድሕር ኣቐዲሙ ካልእ ሕማም ሃልይዎም። ብኮሮና ቫይረስ ዝሓመሙ መንእሰያት ዝረኣዮም ምልክት ሕማም ዳርጋ ልክዕ ከም ሰዓል ወይ ጉንፋዕ (ኢንፍልወንዛ) ክትሓምም ከሎኻ ኮይኑ ፣ እቲ ሕማም ባዕሉ ይገድፈካ።

ዓበይቲ ኣረጋውያን ኣብ ናይ ጡረታ ዕድመ ዘለዉ እዚ ሕማም ጉንፋዕ ምስ ዝሓሙ ናብ ክብድ ዝበለ ናይ ሳንቡእ ሕማም ክምዕብል ስለ ዝኽእል ፍሉይ ናይ ሆስፒታል ክንክን ክሓትት ይኽእል። ብፍላይ ሕዱር ሕማም ከም ናይ ልብን ሳንቡእን ዝኣመሰሉ ሕማማት ዘለዎም ዓበይቲ ኣረጋውያን እዚ ኣውራ ይምልከቶም።

እንድሕር ብህጹጽ ኣብ ናይ መተንፈሲ ክፍሊ ኣካልት ሓሚምካ/ኪ ኣብ መንጎ እዚ 14 መዓልቲ ኣብ ገዛ ኣብ እትህልወሉ/ውሉ ግዜ ከምኡ እውን እንድሕር የዐርዩ በርቲዑካ/ኪ ናብ 1177 ብምድዋል ንሕክምና ምድዋል ኣሎካ/ኪ። እዚ ክንብል እንኮለና እንድሕር ክትትስእ/ስኢ ክትንቀሳቀስ/ሲ፣ ክትበልዕ/ዒ፣ ክትሰቲ/ትዪ ዘይከኣልካን/ክን ዓቕሚ ዊሑዱካን/ክን ትንፋስ እንድሕር ሓጺርካን/ክን ማለት ኢዩ።

እንድሕር ፍኹስ ዝበለ ሓሚምካ/ኪ ክሳዕ እንደገና ትሓውይ/ዪ ምጽባይ ጥራይ እዩ። እንድሕር ፍኹስ ዝበለ ሓሚምካ/ኪ ተሲእካ/ኪ ክትንቀሳቀስ/ሲ፣ ክትበልዕ/ዒ፣ ክትሰትይ/ዪን ኣሎካ/ኪ ምእንቲ ጥዕናኻ/ኺ ጽቡቕ ክስመዓካ/ኪ።

እንድሕር ሓሚምካ/ኪ ኩሉ ናይ ሕማምካ/ኪ ግዜ ኣብ ገዛ ክትህሉ/ልዊ ኣሎካ/ክን፣ ከምኡ እውን ብድሕሪ ምሕዋይካ/ኪ ብተወሳኺ ክልተ መዓልታት ኣብ ገዛ ክትህሉ/ልዊ ኣሎካ/ክን ክ። ኩሉ ሰብ እንተወሓደ 14 መዓልታት ኣብ ገዛ ክህሉ ኣለዎ፤ ንዝሓመመ/ት ካብኡ ዝነወሕ ግዜ ክኸውን ይኽእል ኢዩ።.

እቶም ምሳኻኺ ሓቢሮም ዝቕመጡ/ጣ ክሓሙ/ማ ይኽእሉ/ላ ኢዮም/የን ስለዚ እንድሕር ሓሚሞም ንሳቶም/ተን እዉን ኣብ ገዛ ክህልዉ ኣለዎም/ወን። እንድሕር ገለ ሰብ ብርቱዕ ሓሚሙ/ማ ንሳ ወይ ንሱ ምስ ሕክምና ኣብ 1177 ርክብ ምግባር ኣድላዪ ኢዩ።

ካብ 9 - 12 መጋቢት ኣብ ቤት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ብሮማን ምስ ዘይነበረ ሰብ እንድሕር ትቕመጥ/ጢ ኮይንካ/ኪ እቲ/ታ ሰብ በቲ ሓማም ልቡዳት ኣይኮኑን/ናን ሕማምውን ኣተሓላለፍቲ ኣይኮነን/ናን ክሳብ ጥዕነኦም/ነአን ምሉእ ዝኾነ። ኣተሓላላፊ/ፊት ሕማም ኽኾኑ/ና ዝኽእሉ/ላ እንድሕር ኣብ ናይ ስርዓተ መስተንፈሲ ኣካላት ምልክት ሃልይዎም ኮይኑ/ና ወይ እውን ከም ረስኒ ወይ ሰዓል ምስ ናይ ካልእ ኣካላት ቃንዛ ምስ ድኻም ዝተሓወሰ ሃልይዎም ኢዩ።

ሲግናር ሜኪታሎ

ሓኪም ናይ ተመሓላለፍቲ ሕማማት

ዞባ የቭለቦርግ

ቤት ትምርቲ ናይ ርክብ መንገድታት ክህብ ኣለዎ።